# ግልጋሎት ሓይሊ መብራህቲ ከተማ መቐለን ዲስኮ ሰዓትን

ተኣምራት የማነ-ካብ መቐለ 05-10-18

እቲ ቐደም ቐደም ኣብ ሃገርና ዝኾነ ቦግ ህልም (ዕምት ቋሕ ) ዝብላ መቑፀሪ ሰዓት ዲስኮ ብዝብል ሽም ዝፅዋዓ ንእስ ዝበላ ሰዓት መፂኤን ነይረን ፡፡መሓዙት ኮይና ክንተሓጫጨጭ ከለና ዓይንኻ ዲስኮ ሰዓት ይመስል ንብል ነይርና ፡፡ዕምት ቋሕ ኢላ ማለት እዩ ፡፡

ሎሚ ሎሚ  ኣብ ከተማ መቐለ ብኣብያተ ዕዮ ግልጋሎት ሓይሊ መብራህቲ ሰሜን ሪጅን ከም ኣብነት ኣብ ከተማ ሑመራ ብቲ ሪጅን ዝተሰርሐ ስራሕቲ ብጣዕሚ ዝነኣድ እዩ ፡፡እዚ ከምዘሎ ኮይኑ ኣብ ከተማ መቐለ ቀረብ ሓይሊ መብራህቲ ግና ኣዐሪዩ ዝተበላሸወ ኣካይዳ እዩ ፡፡ህዝቢ ከተማ መቐለ ብጣዕሚ ዘንፅርፅረሉ ኩነታት እዩ ዘሎ ፡፡
ግልጋሎት ሓይሊ መብራህቲ ሰሜን ሪጅን ኣብ ከተማ መቐለ ዝተወሰነ ክፋል  ዝስርሑ ፅቡቓት ስራሕቲ እንተሃለዉዎውን ሕዚ ሕዚ  ንህዝቢ ዘማርር ስራሕቲ እናተሰርሑ እዮም ፡፡በዚውን ህዝቢ ዝጠርዐሉ  ቦታ ስኢኑ ትካላቱ ብዘይ ኣግባብ ሓይሊ እንተቖራሪፀ ኣብ ዘይእዋኑ እናጠፍአ ንዝገደደ ኪሳራ ዝተፈላለዩ ማሕበራዊ ፀገማት እናተሰሳጠሐ እዩ

ኣብ ከተማ መቐለ ብፍላይ ኣብ ውሱናት ክፋል እታ ከተማ ልዕሊ ሰሙን መብራሕቲ ዘይረኸቡ ከምዘለዉ እዩ ዝስማዕ ብፍላይ ካብ ዲያስፖራ ንመንገዲ ደብሪ ዝወስድ ሓደሽቲ ገዛውቲ -ካልኦትውን ፡፡ ኣብ ማእኸል እታ ከተማ ፀግዓ ፅግዒ "እዞም ሓይሊ መብራህቲስ  ምሳና ፅልእ ድዮም ? " ክሳብ ምባል በፂሑ'ሎ -ሓፋሽ ፡፡

ግልጋሎት ሓይሊ መብራሕቲ ከተማ መቐለ  ፀገም ዝተሓወሶ ህልም ውልዕ ዝብል  ንናብራ ማሕበረሰብ ኣፀጋሚ  ተበልኩ ምግናን ኣይኮንን ፡፡ምናልባት ኩሉ ሻብ መብራህቲ ዘይፍኦም ኣካል ማሕበረሰብ ነበርቲ ከተማ መቐለ ዝበርሃሎም ሰባትና  ይህለዉ 'ዶ ኢለ ነይረ ነዚ ዝምልከቶ ሓላፊ ኣብያተ ዕዮ ከይደስ "ኮላይ ገዛይ ይጠፍእ እዩ ኢሎሙናቲ ተገሪመ !!

ሕዚ ሕዚ ካብ ሰለስተ ሰሙን ናብዚ ግልጋሎት ሓይሊ መብራሕቲ ከተማ መቐለ  ብጣዕሚ ኣፀጋሚ እዩ ፡፡ምቁርራፅን ጠቕሊልካ ንኣርባዕተ መዓልቲ ክሳብ ወርሒ ሓይሊ መብራህቲ ዘይምርካብ ልሙድ ተግባር እናኾነ እዩ  ፡፡ "..ታይ ከይሓዝንስ መርዓ ' ድዩ ዝብሉ ወለዲ ሕዚ ድማ ኢንዳስትሪያል ፓርክታት ገሊኤን ተዛዚመን ገሊኤን ድማ ኣብ ምዝዛም ይርከባ እሞ !! ኣብ ከተማ መቐለ ዝተፈላለየ ክፍለ ከተማታት ብሰንኪ በቲ ዝበፅሕ ህልም ውልዕ ዝብል ዲስኮ ሰዓት ግልጋሎት ሓይሊ መብራሕቲ ሊፕ ዘይደፍአ እንዳ ባኒ ፣ ብዙሓት ዕለታዊ ስራሕቱ ዘይተኣንገለ ትካል የለን ፡፡ ካሕሳ'ስ ይትረፍ እዞም ፀገማት  ሰሚዑ መልሲ ዘይህብ መንግስታዊ ኣካል እዩ ዘለና ፡፡

መብዛሕቲኡ እዋን ሓይሊ መብራህቲ መፂኣ ተባሂሉ ስራሕቱ እናወገነ እናሃለወ ትጠፍእ ፣እንዳ ስራሕቲ ደቀቕትን ኣናእሽቱን ትካልት  ማሽን ኣናሰርሑ ዝቑረፅ ከይቆረፁ መብራህቲ ትጠፍእ  ኣቡኡ እታ ማሽን ነኺሳ ንኣደዳ ብልሽት ከምኡውን ዳ ባኒውን ንምግጋር ክዳው ከለዉ ወይከዓ ሊፕ ናይ ባኒ ናብ ማሽን ምስ ኣተወ ተጠፊኣ ...ከምዚ ዓይነታት ፀገም ልሙድ ኮይኑሎ ፡፡ግልጋሎት ሓይሊ

መብራህቲ ከተማ መቐለ ሕዚ ትኸዶ ክያዶ በቢዝተወሰነ ሰዓት ትበርህ መሊሳ ድማ ትጠፍእ ብኸምዚ መልክዕ እዩ እቲ ግልጋሎት ምስ ዲስኮ ሰዓት ዘነፃፀርኩዎ ፡፡

ካሊእ ኣብ መቐለ ብናይ ዓዲ ሓውሲ ጫፍ 18 ታክሲ ኣስፋልት ዝሓዘ ንሓወልቲ ዝወስድ ጎዳና ፀልማት (ኮላይ ናይ መንገዲ መብራሕቲ ) ዳሓር ድማ ንእንዳ ኣቡነ ኣረጋዊ ቤተ ክርስትያን ዝወሰድ መንደራት ክሳብ ንሰማእታት ሓወልቲ ዘሻግር ቢንቶ ብዚ መስመር ዘለዉ መንግስታዊን ውልቃውን ትካላት ስረሕተን ኣብ ንብረትን ሂወትን ጉድኣት ዝበፀሖም ሰድራን ገዛውቲ ባዕም ይቑፀርዎ ፡፡ እዚ ብኣብነት ዘልዓልኩዎ እዩ ፡፡

ሓደ እቲ መብራሕቲ ዝጠፍእ ብዘይ ምንም ምልክታ እዩ - ብሰንኪ እዚ ኮይኑሎ ንነባራይ ከተማ መቐለ ፡፡ እንዳ ቑርሲ ባኒ የለን ኣዝዮም ዝተሸገረ እቲ ተጠቃማይን ነጋዳይን እዩ -እዚ ዕለተዊ ልሙድ ተግባር እዩ ፡፡

ነዚ ኣምልኪተ ካብ ሶኒ ክሳብ ሎሚ ዕለት ናብ ሰሜን ሪጅን ግልጋሎት ሓይሊ መብራሕቲ መቐለ ከይደ ዝረኸብኩዎ ምላሽ ነዚ ይመስል ፡፡



ኣብቲ ቢሮ ነዚ ዛዕባ ዝምልከቶም ሓላፊ ኣይነበሩን ግና ይኹንምበር ምስቲ እዋናዊ ዛዕባ ምኺኑ ኣብቲ ቢሮ ዝተረኸቡ ሰራሕተኛ ብዛዕባ ኣብ ከተማ ዘሎ ምቁርራፅ ሓይሊ ዘይኮነስ ብሱሩ ሓይሊ ዘይምህላው ኣመለኪተ ከውገዖም ለኹ ዘይምልከቶም እኳ ተኾነ ግና ዝተፈላለዩ ፀገማት ምቁርራፅ ሓይሊ ግልጋሎት ከተማ መቐለ ምስ ናይ ፖል (ኤሌትሪክ መስመር ተሸካሚ ) ዘጋጠሙ ምውዳቕን ገመዳት ኤለትሪክ ምብትታኽን ተኣሳሲሩ ፀገማት ኣለው ፡፡ንዚ ሕዚ ኣበ ከተማ መቐለ ኣጋጢሙ ዘሎ ሽገር ቀንዲ መንቀሊኡ ኣብ ጥቓ ምም/ር ከተማ መቐለ ውርድ ኢልካ ዘሎ መንግስታዊ ናይ ህዝቢ እንዳ መሕረዲ ስጋ (ብልሙድ ቄራ) ከባቢ ሓደ ናይ ውልቀ ስብ ዝኾነ ሎደር (ማሽን ንህፀት ስራሕቲ ዝኸውን ) ንፖል ገጪዩ ንቲ ፖል ብምውዳቑ እዩ ግልጋሎት ሓይሊ ተቛሪፁን እቲ ሕዚ ኣብ ከተማ መቐለ ገፊሕ ሽፋን ዘለዎ ክፍለ ከተማ ምቁርራፅ ፀገማት ኣጋጢሙ ዘሎ ይብሉ ፡

እዞም ሓላፊ ብዝተወሰነ መልክዑ ንተን ሕቶታተይ ክምልሱ ዋላ ተኻኣሉ ግና ብዝበለፀ እታ ጉዳይ ትምልከቶ ሰብ ስለዘየለ ንሶም ምላሽ ክህቡኒ ከምዘይኽእሉ ተኣማሚኒንና ዝምልከቶ ሓላፊ ኣብ ቤት ፅሕፈቶም ከምዘየለን ካሊእ እዋን ክምለስ ከምዘለኒነጊሮሙኒ ፡፡ እቶም ይምልከቶም ዝተብሃሉ ሰብ ሓላፊ ሜይንቴናነስ ኣብ ሰሜን ሪጅን ግልጋሎት ሓይሊ ኤለትሪክ ኣይተ ብርሃኑ ይበሃሉ ፡፡

ንፅባሕቲኡ ነዛ ሕቶ እዚኣ ሐዘ ንቶም ይምልከቶም እዩ ዝተብሃሉ ኣይተ ብርሃኑ ክረኽቦም ብዘይምኽኣለይ ንዖኦም ብምፅባይን ጊዜ ካብ ዘሕልፍ ኣለ ናብታ ሩሎ (ማሽን ኮንስትራክሽን ) ዝወደቐትሉ ቦታን ፓል ኤሌትሪክ (ሓይሊ ኤሌትሪክ ዝሓዘ ) ኣወዳቓ ዝተብሃለት ክዕዘብ ከይደ ፡፡ ኣብ ቤት ፅ/ት መካላኸሊ ሓደጋ ባርዕ ጥቓ ኣብ ዝርከብ መቐለኛ መገዲ ንባዕላ ጠጠው ኣለ ማፊያ ዘርጊሓ በዓል ክልተ ሓጺን ፓል ኣልዒላ ናብቲ ጎዳና ደርብያቶ እቲ መገዲ ብክፋል ዓፅያ ገመድ ኤሌትሪክ ተበታቲኹ ብቲ ኸለእ ወግን እቲ ዝተበተኸ ተጠየቑ ይረኣ ፡፡

ነዚ ብምስሊ እናወሰድኩ ናይቲ ከባቢ ሰብ ዝበፅሐ ሓደጋ እንተሊዩ እናሓተትኩ እናሃለወ ሰለስተ መናእሰይ ብዛዕባ እቲ ዝወደቐ ፓል እናወግዑ ሰሚዐ ፅገዐ ኣለ ወረ ኣኪብኩ ፡፡ እዚ ፓል (ዝወደቐ ) ክሳብ እቲ ብኮንክሪት ዝመፅእ ንምንታይ ብዕንጨይቲ ፓል ተኪእና ዘይንሰርሖ ዝብል ወግዒ እንተወግዑ ሰሚዐ ተሓጉሰ ፡፡ እዞም ሰባት ናይ ግልጋሎት ሓይሊ መብራህቲ ሰራሕተኛታት ከምዝኾኑ ኣረጋጊፀ ፡፡ ብድሕሪ እዚ ንዕኦም ኣመስጊነ ናብ ዋኒነይ ከይደ ፡፡

ብድሕሪእዚ እምበኣር ናይ ሰሜን ሪጅን ሜይንቴናነስ (ፅገና ክፍሊ) ሓላፊ ኣይተ በርሃኑ ብስልኪ ኣወጊዐየም ፡፡ ብዛዕባ እዋናዊ ኩነታት ግልጋሎት ሓይሊ መብራህቲ ከተማ መቐለ ከወግዮም ከለኹ ቃል ብቃል ነዚ ዝስዕብ ምላሽ ሂቦሙ ፡፡

ቅድሚ ቀትሪ ኣብቲ መቕረዲ ቲ ዳ'ስጋ ከባቢ ዘሎ ፅርጊያ እታ ፓል ዝገጨፀት ሩሎ (ማሽን ህንፀት ስራሕቲ ) ሽዑ ካብ ዘዘራብኩዎም ሰባት እየም ለካ ፡፡ ስለዚስ " እቲ ወዲቑ ዘሎ መስመር ሓይሊ ዝሓዘ ፓል ምስተፀገነን ምስተሰርሐን እዩ ፀገም ሓይሊ መብራሕቲ ከተማ መቐለ ዝፍታሕ " ምስበሉ ብተወሳኺ ኣብ ሓሳቦም "ቅድሚ ዝተወሰነ ሰዓት ኣብታ ቦታ "(እታ ሓይሊ መብራህቲ ዝሓዘ ፓል ዝወደቐሉ ሚኢቶም እዩ) መጺኤኻ ኣዘራሪብካና ኔርካ ሓቀይ" ኢሎሙ እወ ምስ በልኩዎም " እታ ዝሰማዕካያ እያ እታ መፍትሕ " ክብሉ ብሓፃሩ ኣወጊዖሙ ፡፡ ፅቡቕ ብወገነይ እሞ ድሕሪ ቀትሪ ክንራኸብሞ ብዛዕባ ካልኦት ምስዚ ተኣሳሲሩ ህዝቢ ዘልዕሎም ፀገማት ኣለዉ ብዛዕባ እዚ ኮፍ ኢልና ክነወግዕ ምስበልኩዎም ንሶም ድማ "ኣይ ድሕሪ ሰዓት ዝሰርሖም ዓበይቲ ወስንቲ ስራሕቲ ኣለዉኒ ኣይጥዕመን " ምስበሉ ኣነ ድማ ኣይ እዚስ ናይ ህዝቢ ጥርዓን እንደዩ ካብዚ ንላዕሊ እንታይ ወሳኒ ነገር ኣሎ እንተበልኩ "ሞባይልካ ኣይስማዕን ሃሎ ሃሎ ..." ብዝብል ርክብና ተቛሪፁ

ኽቡራትተኸታተልቲመርበብሓበሬታዓይጋሕቶህዝቢከተማመቐለ ኣብ ግልጋሎት ሓይሊ መብራህቲ ከተማ መቐለእዛናይዛሰሙ ኣጓኒፉ ዘላ እዋናዊ ፀገም
ጥራሕኣይኮነ ንምስኣብኣወሃህባግልጋሎትሓይሊመብራህቲብዙሓትዝተኣሳሰሩፀገማትኣለዉ፡ እንዳማሽንዘልዕልምምፀገማት፤ኣብመኖርያፓልሓይሊ ኤሌትሪክተሸኪምዝሓልፍሓቑፎምዝሓደሩነበርቲ፤ ቅጥዒ ዘይብሎም ምቑርራፅ
፤ገዛሰሪሖምመብራህቲክኣትወልናብዝብልዓማውቲዝተፀበዩእዚናይከተማመቐለዳስኮሰዓትዝኾነ ግልጋሎትሓይሊመብራህቲን ዝኣመሰሉ
ፀገማትኣለዉ፡ ስለዚነ ዚብዝምልከትናብዝለዓለሓላፊከይደዘምፅኦምላሽክህለዉኒእዩንሕዚኣብቐፃሊናተይንናይሓፋሸርኢቶሐዘክቐርብእየ ተፀበዩኒ !!